**እዋጅ፣ ምትእኽኻብ ብሄር ብሌን**
**ሆደ ሙርቋ ብሊናኹ** Eritrean Bilin Organization
**(ቅዳሕ፣ ብቋንቋና ብሌን ብግእዝን ወይ ብላቲንን፣ ከምኡ'ውን ብዓረብን ክትሓቱ ትኽእሉ፣)**

*ካብ ዓርቢ ዕለት 30 ወርሒ ጥቅምቲ 2009ዓም ክሳብ ዕለት 01 ወርሒ ሕዳር 2009ዓም ኣብ ከተማ ባዝል ስዊዘርላንድ፣ ጉዱሳት ደቂ ብሄረ ብሌን፣ ተራኺብና ህልዊ ኩነታት ሃገርናን፣ ከምኡ በሄርናን፣ ብዕምቆት ዘቲና።*

*ብሄር ብሌን ኣብ ሕንብርቲ ኤርትራ እንንበር፣ እምነትና እስላምን ክርስትናን፣ ኮይኑ ፍሉይ ናትና ባህልን፣ ልምድታትን፣ ቋንቋን፣ ዘሎና፣ ዝበዝሐ ሕብረተሰብና ኣብ ማሕረስን ኣብ ሞጓሰን ዝተሰረተ ዝምድና ማእቶት ዝኽተል ኢዩ። እዚ ኣገባብ መነባብሮ፣ ብሰንኪ ሰንሰለታዊ መግዛእትታትን፣ ምቕይያር ከባብን፣ ስለ ዝእተዳህከ፣ ካብ'ዚ ሞትን ጥፍኣትን ክወጽእ፣ ምስ ኩለን ኣሓት ብሄራት ኤርትራ ኮይኑ ሚእንቲ ናጽነትን ፍትሕን ሰላምን ተቓሊሱ፣ ዓወት ዝጨበጠ ኢዩ። ድሕሪ ነጻነት ግን ቁዋማዊ ኣሰራርሓ ዘይብሉ ብኢደወነኑ ስልጣን ዝጨበጠ ፋሽሽታዊ ስርዓት ህግደፍ፣ ንሙሉእ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብፍላይ ድማ ንብሄር ብሌን ነቲ ብዘመናት ብመግዝእትን ጭቆናን ተዳኺም ዝንበረ ቅድሚ ሕጂ ሪእዎ ብዘይፍልጥ ኣድልዎን፣ ጭቆናን፣ ይጸንቶ ኣሎ።*

*ክረምታዊ ማእቶት ህጻናትን፣ ትምህርቲ ኣብ ገዳማዊ ሰፈራታትን፣ ብዘይ ገደብን መሰልን ሃገራዊ ኣገልግሎትን ካልእ ንባህልን ንቋንቋን ኣብ ግምት ዘየእቱ መደባት ዕብለላ፣ ንደቕና ኤህሲስዎም፣ ካብ ቋንቋኦምን ባህሎምን እምነቶምን ኣርሒቕዎም፣ ኣብ ሃገሮምን መሬቶምን ተሰፋ ከም ዝስእኑ ስለ ዝገበሮም፣ ኣብ ዘይባህላውን ዘይሞራላውን ስራሓት ከም ዝውፈሩን፣ ሃጽ ኢሎም ንስደት ከም ዝጠፍኡን ይገብሮም ኣሎ። እዚ ቐጻሊ ሂወት ኲናትን፣ እገዳ ስራሕን፣ ረድኤትን፣ ብፍላይ ነቶም ኣብ ማእከል ዘሎና፣ ሞትን ህልቒትን ጀሚሩ ኣሎ። እዚኦም ወጽዓታት ብኻልእ መንገዲ መፍትሒ ስለ ዝሰኣናሎምን ንድሕሪ ሕጂ'ውን ንርእዮ ተስፋ ስለ ዝማህመነ፣ ካብ ሎሚ ዕለት ጀሚርና ናትና ውደባ ክነቕውምን ምስ ኩሎም ወገን ዉጹዓት ዝኾኑ ውልቐሰባትን ውድባትን ኮና ክንቓለስን ወሲና።*

*እዚ ካብ ሓደ ፍቓድ ዘይንጽበዮ፣ ህያው መሰልና ተጠቂምና፣ ኩሎም ደቂ ብሌን ንመሰላት ብሄርናን፣ ቋንቋናን፣ ባህልናን፣ ብቀንዲ ድማ ውሕስነት ህላውየናን፣ ንዝኾነ ህዝብናን፣ መሬትናን፣ ክንከላኸል ግዴታና ኢዩ። ተጸበይቲ ኮና ዘሕለፍናዮ ግዜ ይኣክል፣ ኣብ ክሊ ብሄራዊ ውደባ ዓሲልና ንህዝብናን ንሃገርናን ካብ ጭቆና ክነናግፍ ንበገስ። ለባማትን ዓበይትን ንኣሽቱን ደቂ ብሄርና፣ ብነበረኒ ዘይኮነ ብሎሚ ዝሓዝናዮ ክንኮርዕ፣ ካብ ኣስመራ ከይተጸበና፣ ብ ኢድና መሬት እንዳቦና ክነማሕድር፣ ንስራሕ ንብገስ ንብል።*

*ብሄር ብሌን፣ እቲ ቐንዲ ጸላኢኡ እቲ ንባህሉን ንቛንቛኡን ንህዝቡን ዘጥፍእ ዘሎ ስርዓት ህግደፍን ተሓባበርቱን ኢዮም። ነዚ ስርዓት ሂወት ዝህብ፣ ሓንቲ ሂወት ኤርትራዊ የጥፍእ ስለ ዘሎ ብኹሉ ኣጋባብ ብትሪ ክንቓወሞን ክንቓለሶን ኢና። ጽባሕ ድማ ብምጽናት ክንከሶ ኢና። ሓደ መንገብ ገብ ዘለወን ኣዕዋፍ ብሓደ ይበራ ከም ዝበሃል ንሕና ምስ ዉጹዓት ብሄራትና ኣሎና። ኣብ ዝሓለፈ ቓልሲ ንሕቶ ብሄርና ረጊጽናዮ ክሳብ ኣስመራ ከም ዝበጻሕና ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ፣ እዚ ክድገም ዝመኸረና "ወዲ ዓሻስ ክልተ ግዜ ይህረም" ከም ዝብልዎ ከይከውን ንባህሉን ንቛንቋኡን ከማዕብልን ክዓቑብን፣ ንመሬቱን ክከላኸል፣  ንህዝቡ ከመሓድር መሰሉ ከም ዝኾነ ኣሚና ካብ ሎሚ ክነረጋግጽ፣ ክንቓለስ ወሲና ኣሎና።*

*ሓንቲ እተወሃሀድ ባይታ ተጠጥሕን ግዝያዊት ሽማግሌ ኣቑምና ኣኼባና ብሰላምን ብዓወትን ከም ተዛዘመ ንሕብር። ጸዊዕትና ኹሉ ዜጋ ብሌን ኣብ ዘሃለወ የሃሉ፣ ምስ እዚኣ ሽማግሌ ክራኸብን ምኽሪ ክህብን መደብ ክወስድን ብትሕትና ንሕብር፣ ብስም ሆደ ብሊን ድማ ንጽውዕ።*
*ሓገዝን ሞራልን ፈተውትና ኣይፈለየልና።*

*ሃገረ ኤርትራ፣ ዓዲ ዕርቕን ፍትሕን ትኹን፣*

**<u>እቶም ተገደስቲ በዚ ኣድራሻ ክትረኽቡና ንጽበ፣</u>**
bilineritrea@gmail.com
**ግዝያዊት ኣወሃሃዲት ሽማግሌ**: 04/11/2009